ስድራቤትካ
ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክታበታት ከም ዝውስዱ ብምግባር ካብቲ ሕማም ተኽላኽለሎም

ሕማም ወይቦ ዓይነት B፣ ብሓደ ሄፓታይተስ B (Hepatitis B) ዝበሃል ቫይረስ ዝኽሰት ረኽሲ ጸላም ከብዲ እዩ።

ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም፣ እንተላይ ኣብ ኣፍሪቃን ኤስያን ኣዝዩ ልሙድ ሕማም እዩ።

ብዙሓት ሰባት ዕሸላት ወይ ቆልዑ ከለዉ ብሕማም ወይቦ ዓይነት B ይልከፉ።

ሕማም ወይቦ ዓይነት B ከቢድ ሕማም እዩ።

ሕማም ወይቦ ዓይነት B ዘስዕብ ቫይረስ ዝኾነ ምልክታት ከየርኣየ ከበድቲ ናይ ጥዕና ጸገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት፤

- መጉዳእቲ/ማህሰይቲ ጸላም ከብዲ
- መንሸሮ ጸላም ከብዲ
- ኣብ ሆስፒታል ምእታው
- ሞት

ሕማም ወይቦ ዓይነት B፣ ውሑስን ውጽኢታውን ክታበት ብምውሳድ ክትከላኸሎ እትኽእል ሕማም እዩ።

ሓካይምን ተመራመርቲ ስነ ፍልጠትን፣ ኩሉ ሰብ ሕክምናዊ ታሪኹን ኣገባብ ኣነባብራኡን ብዘየገድስ ክታበት ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክወስድ ይመኽሩ።

- ክታበት ሕማም ወይቦ ዓይነት B፣ ንዝተፈ ዕድመኻ ካብ ሕማም ጸላም ከብድን መንሸሮ ጸላም ከብድን ይከላኸለልካ።
- ንነብስኻን ንእትፈትዎም ሰባትን ካብ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ንዕድመ ምሉእ ንምክልኻል ውሑዳት ክታበታት ብመርፍእ ምውጋእ ጥራይ እዩ ዘድሊ።

ክታበታት ፈውሲ ኣይኮነን።

ድሮ ብሕማም ወይቦ ዓይነት B ተለኺፍካ እንተሃለኺካ፣ ክታበታት ምውሳድ ነቲ ረኽሲኻ/ሕማምካ ዝሓሸ ወይ ዝኸፍአ ኣይገብርዎን እዮም።

ሕማም ወይቦ ዓይነት B እንተሃልዩካ፣ ነቶም ትፈትዎም ሰባት ውሑስነቶም ንምሕላው እቲ ዝበለጸ መንገዲ ክታበት ሕማም ወይቦ ዓይነት B ከም ዝወሰዱ ምርግጋጽ እዩ።

MHI
Migration Health Initiative

ስድራቤትካ
ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክታበታት ከም ዝውስዱ ብምግባር ካብቲ ሕማም ተኽላኽለሎም

ክታበት ሕማም ወይቦ ዓይነት B ውሑስ እዩ።

ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 1 ቢልዮን ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክታበት መርፍእ ተዋሂቡ ኣሎ።

ብዙሓት ሰባት ዕሸላት ከለዉ ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክታበት ይወስዱ።

ክታበት ሕማም ወይቦ ዓይነት B ንነፍሰጾራት ወይ ንዘጥብዋ ደቂ ኣንስትዮ ውሑስ እዩ።

ክታበት ምውሳድ

መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ዘስተብህሉሉ እንኮ ጎናዊ ሳዕቤን ኣብቲ መርፍእ ዝተወግእሉ ቅልጽሞም ዝፍጥር ቁስሊ እዩ።

ካብ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ምሉእ ብምሉእ ንምክልኻል ክልተ ወይ ሰለስተ ክታበት የድልየካ። ክንደይ መርፍእ ክትውጋእ ከምዘድልየካ ንምፍላጥ ንሓኪምካ ሕተቶ።

ሓደ ካብ ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ክታበታት እንተ ሓሊፍካ፣ ጸገም የብሉን። ብዛዕባ ዝቕጽል ክታበትካ ምውሳድ ምስ ሓኪምካ ምዝርራብካ ኣረጋግጽ።

MHI
Migration Health Initiative